# ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትልንኹሉ



## ንኹሎም ተማሃሮ ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ምኽባር

**ክውንነት:** ኣብ ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ልዕሊ 150 ቋንቋታት ዝዛረቡን ንልዕሊ 150 መበቆል ሃገራት ዝውክሉን ተማሃሮን ስድራቤታትን ምግልጋልና ሕቡናት ኢና።ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ንዝርከቡ ተማሃሮን ስድራቤታትን LGBTQ+፣ጸለምትን ደቀባትን፣ካብ ዝተፈላለየ እምነት ዝመጹን ዝተፈላለየ ክእለት ዘለዎም ዝተፈላለየ ሕብሪ ቆርበት ዘለዎም ተማሃሮን ስድራቤታትን ብምግልጋልና ሕቡናት ኢና። *ብዙሕነትና ሓይልና እዩ።*

**ውክልና:** *ኩሎም ተምሃሮ ባህሎምን መንነቶምን ኣብ ቤት ትምህርቲ ብመጽሓፍቲ፣ብትምህርትን ጽምብልን ክውከሉ ክርእዩ ይግብኦም እዩ።*ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ምፍላጥ፣ተማሃሮ ርህሩሃት ዜጋታትን ናይ ዝተፈላለየን ዝቕየርን ዓለም ድልዋት ንኽኾኑ ይሕግዝ።ኩሎም ተምሃሮ ብዛዕባ መዛኑኦም ብሓባር ክመሃሩ ንድግፍ።ብዛዕባ መንነት ወይ ጉጅለ ሰባት ካብ ምምሃር ክትወጽእ ኣማራጺ የለን።

**ክብሪ:** *ትምህርቲ ኣብ መንጎ ተምሃሮ ምርድዳእን ምክብባርን ሕያውነትን ንምህናጽ ቁልፊ እዩ።*ብዛዕባ ሰፊሕ ባህልታትን ማሕበረሰባትን ዝምልከት ትምህርቲ ጥቅዓት ከም ዘምዘንክን ውሑሳትን ተቐባልነት ዘለዎምን ኣብያተ ትምህርቲ ከም ዝፈጥርን ተረጋጊጹ እዩ።ምስ ልዑል ጽሬት ዘለዎ ትምህርቲ ንባብ፣ጽሑፍ፣STEM ን ካልኦት ትምህርትታትን ጎኒ ጎኒ ብዛዕባ መንነት ምምሃር፣ድሕሪ ምረቓ ኣብ ሕብረ፣ባህላዊ ሕብረተሰብ ንኽዕወቱ ድሉዋት ዝኾኑ ምዕቡላት ተማሃሮ ይፈጥር።

***ስድራቤታት ቀዳሞትን ኣገደስትን መምህራን ተማሃሮና እዮም።***

ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ስድራቤታት ምስ ደቆም ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእሶም ባህላዊ ክብርታትን እምነታትን ክዛረቡ የተባብዕ።ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ትርጉም ዘለዎ ዕላል ንኽካየድ ዕድላት ይፈጥር።ስድራቤታት ናይ ሕያውነት፣ተቐባልነትን ኣንጻር መጥቃዕቲ ደው ናይ ምባልን መልእኽቲ ኣብ ምክፋል ክጽንበሩና ተስፋ ንገብር።

## ንሕና ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ኢና:ንኹሉ።




Seattle Public Schools

Policy 0030 - Board Resolution 2019/20-28 - Policy 2015 - 3210 Nondiscrimination Policy - Policy 0100